

ካህን:

ሃሌ ሉያ ለአብ ሃሌ ሉያ ለወልድ ሃሌሉያ ለመንፈስ ቅዱስ:
ቦአ መልአክ ኀቤሃ ወቆመ ቅድሜሃ ወይቤላ

ምስጋና ንእግዚአብሔር አቡ፡ ምስጋና ንእግዚአብሔር ወልድ፡
ምስጋና ንእግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ፡ መልአኽ
እግዚአብሔር ናብኣ መጽአ አብ ቅድሜኣ ደው
ብምባል'ውን ከምዚ በላ፡

ካህን:

ተፈሥሒ ተፈሥሒ ተፈሥሒ ኦ ማርያም ምልእተ ጸጋ

ኦ ማርያም ጸጋ ዝተመላኪ ደስ ይበልኪ

ህዝቢ:

እግዚኣብሔር ምስሌኪ

እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ

ካህን፡

ቡርክት አንቲ እምአንስት

ካብ ኩለን ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ

ህዝቢ፡

ወብሩክ ፍሬ ከርሥኪ

ፍረ ከርስኺ’ውን ብሩኽ እዩ

ካህን፡

ጸልዩ ወሰአሊ ኀበ ፍቁር ወልድኪ

ናብ ፍቁር ወድኺ ለምንልናን ኣማልድልናን

ህዝቢ፡

ከመ ይሥረይ ለነ ኃጣውኢነ

ሓጢኣትና መታን ክሓድግልና

ህዝቢ፡

ተፈሥሒ ኦ ማርያም ምልእተ ጸጋ፡ ተፈሥሒ እስመ ረከብኪ
ሞገሰ፡ ተፈሥሒ እግዚአብሔር ምስሌኪ፡ ይደልወኪ ፍሥሓ
እንበለ ሕጸጽ ወንትጋ፡ አምላከ ሰማያዌ ዘአግመርኪ በሥጋ

ኦ ማርያም ጸጋ ዝተመላእኪ ደስ ይበልኪ፣ ክብሪ ረኺብኪ
ኢኺ እሞ ደስ ይበልኪ፣ እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ፣ ብዘይ
ስሕተትን ትህኪትን ደስታ ይግበኣኪ፣ ሰማያዊ ኣምላኽ ብሥጋ
ዘሕደርኪ

ህዝቢ፡

ተፈሥሒ ድንግል ኦ ማርያም ምልእተ ጸጋ፡ ይደልወኪ
ፍሥሓ እንበለ ሕጸጽ ወንትኃ፡ ንጉሰ ሰማያዌ ዘወለድኪ
በሥጋ

ኦ ማርያም ጸጋ ዝተመላእኪ ደስ ይበልኪ፣ ብዘይ ስሕተትን
ትህኪትን ደስታ ይግበኣኪ፣ ሰማያዊ ንጉስ ዝወለድኪ ብሥጋ

ህዝቢ፡

ምልእተ ጸጋ ተፈሥሒ እግዚአብሔር ምስሌኪ፡ ሰላማዊት ሰላም ለኪ፡ መንፈሳዊት ርግብ ወንሰግድ ለኪ፡ ማርያም በሥጋ እሳተ መለኮት ዘጸርኪ

ጸጋ ዝተመላእኪ እግዚአብሔር ምስኺ’ዩ ደስ ይበልኪ፡ ሰላማዊት ሰላም ንብለኪ፡ መንፈሳዊት ርግቢት ከምኡ’ውን ንሰግደልኪ ፣ ማርያም ብስጋ መለኮታዊ ሓዊ ዝጸርኪ፣

ህዝቢ፡

መንፈስ ቅዱስ ጸለለኪ ወታይለ ልዑል አጽንዓኪ፡ ድንግል በሕልናኪ ወድንግል በሥጋኪ

መንፈስ ቅዱስ አጽሊሉልኪ ሓይሊ ናይቲ ልዑል ድማ አጽኒዑኪ እዩ፡ ብሕልናኺ ድንግል ብስጋኺ’ውን ድንግል ኢኺ።

❖ ኦ ርኅሩኅነ ሕሊና አፍቅሮተ ሰብእ ልማድክሙ በጥቡዕ ልብ ንስእለኩሙ፡ ሥሉስ ቅዱስ ምሕረትክሙ አዝንሙ፡ ክሣደ ጸርነ በሰይፍክሙ ግዝሙ፡ ወዲበ ርእሰነ እዴክሙ ሢመ

ኦ ርሕሩሕ ሕልና ዘለኩም፡ ፍቅሪ ሰብ ዝልማድኩም ብስቡር ልቢ ንልምነኩም፡ ሥሉስ ቅዱስ ምሕረትኩም አውርዱ፡ ክሳድ ጸላኢና ድማ ውቅዑ፡ ኢድኩም ድማ ኣብ ርእስና አንብሩ።

❖ አ ርጎርጎተ ሕሊና አፍቅሮተ ሰብእ ልማዳ፡ ሰአሊተ ምሕረት ይእቲ ማርያም ሐጹረ መስቀል ዘይዓውዳ፡ ንትቀበላ ንዑ ለወለተ ዳዊት ዘይሁዳ፡ መጽአት ነያ ጎቡረ ምስለ ወልዳ፡ ናንፈርዕጽ ቅድመ ሥዕላ እንዘ ንሁብ ታዳ፡ ለለጌሠሙ ትመስል እንግዳ።

አ ርሕርሕቲ ሕልና ፍቅሪ ሰብ ልማዳ፡ ማርያም ንስኺ ብሓጹር መስቀል ዝተኸለልኪ ምሕረት እትልምኒ ኢኺ፣ ንዑ ንቀበላ ንጓል ዳዊት ናይ ይሁዳ፣ምስ ወዳ ሓቢራ መጺአ አላ፣ ታሻ መሲለ’ሞ ቅድሚ ስእላ ንዝለል ህያብ’ውን ነቕርብ።

❖ ኦ ርኅርኅተ ሕሊና፡ ዘሕገ ልማዳ ምሕረት ለኵሉ ፍጥረት፡ ንሳለማ ንዑ ለሥዕለ ማርያም ቡርክት ወለሥዕለ ወልዳ ጸባኦት፡ ለሥዕለ ጊዮርጊስ ሰማዕት ለሥዕለ ሚካኤል ወገብርኤል ዘራማ ኃይላት።

❖ ኦ ርሕርሕቲ ሕልና ንኵሉ ፍጥረት ምሕረት ልማዳን ሕጋን፣ ንሳለማ ንዑ ንስእሊ ማርያም ብርኽቲ፡ ንስእሊ ወዳ ጐይታ ሠራዊት፣ ንስእሊ ሰማዕት ጊዮርጊስ፣ ንስእሊ ሚካኤልን ገብርኤልን ሓያላት ናይ ራማ።

❖አ ርጎርጎተ ሕሊና፡ ፍቅርኪ ያነድድ አማዑተ፡ ከዊኖ እሳተ፡ ንጽሐ ድንግልናኪሰ ዘኢያእመረ ርስሐተ፡ ማርያም ግበሪ ሠናያተ ኩሎ ዕለተ፡ ሞትሰ ድልው ሊተ፡ ባሕቱ ለንስሓ ጽንሕኒ ንስቲተ።

አ ርሕርሕተ ሕሊና፣ ከም ሓዊ ኮይኑ ንመዓናጡ ዘንድድ ፍቅርኪ፣ ጽሩይ ድንግልናኪ ረስሓት ዘይፈለጠ፣ ማርያም ኩሉ ግዜ ሠናይ ግበሪ ፣ ሞትሲ ግቡኣይ እዩ ንንስሓ ክበቅዕ ግና ግዜ ለምንለይ።

❖ኦ ርኅርኅተ ሕሊና፡ ለእግዚአብሔር አስከሬኑ፡ እንተ ኢያውዓየኪ እሳተ ረሰኑ መሐርኒ ድንግል ወተሣሃልኒ በብዘመኑ ለእመ መሐርክኒ እግዝእትየ ዘይኴንነኒ መኑ፡ ኰናኔ ሥጋ ወነፍስ ወልድኪ አኮኑ።

ኦ ርሕርሕተ ሕሊና መሕደሪት እግዚአብሔር፣ ዋዒ መለኮት ዘየንደደኪ ድንግል ብብእዋኑ ምሕረትን ይቅሬታን ለምንልና ኦ ንግስቲ ንስኺ እንተደኣ ዝፈርደኒ የብለይን እቲ ፈራዲ ነፍስን ስጋን ወድኺ ስለ ዝኾነ።

❖አ ርጎርጎተ ሕሊና፡ እንተ ኤልያስ ደመና፡ ወለተ ኢያቄም ወሐና፡ ማርያም ዑጽፍት ወጎብርት በቅድስና፡ ሶበ ነጸረኪ ሙሴ በሲና፡ ጎትምት በድንግልና አልባቲ ሙስና።

አ ርሕርሕቲ ሕልና ናይ ኤልያስ ደመና፣ ጻል ኢያቄምን ሐናን፣ ማርያም ምልእትን ሕብርትን ኣብ ቅድስና፣ ከምቲ ሙሴ ዝረኣየኪ ኣብ ሲና፣ ብድንግልና ነውሪ ዘየብልኪ ፍጽምቲ ኢኺ።

❖ቅድመ ሥዕልኪ እሰግድ ወለሥዕለ ወልድኪ እገኒ፡ ማርያም ድንግል ማርያም እመ አዶኒ፡ ማዕበለ ጌጋየ ጽኑዕ ሶበ ለአስጥሞ በጽሐኒ፡ ሐመርየኒ ማዕዶትየኒ፡ ሃይማኖትየኒ ዘእንበሌኪ አልብየ ምንትኒ።

ቅድሚ ስእልኺ እሰግድ ቅድሚ ስእሊ ወድኺ ድማ ይደግም፣ ማርያም ድንግል ማርያም ኣደ ኣዶናይ፣ ከም ማዕበል ዝብርትዕ ፈተና እንተበጽሐኒ፣ ጸግዓይ፡ ትውክልተይ፡ እምነተይ፡ ብዘይካኺ የብለይን።

❖ ሰላም ለሥዕልኪ ዘይኤድም ለንጻሬ፡ ዓዲ ሰላም ለሥዕለ ወልድኪ በጕባሬ፡ አክሊለ ሚመቱ ለጴጥሮስ ማርያም ዘትጸድሊ እምወራውሬ፡ ለተአምርኪ ባቑዕ ሶበ አቄርብ ዝማሬ፡ ክድንኒ ለገብርኪ ሣህልኪ ጾደሬ።

ሰላም ንዘደንቕ ትርኢት ስእልኺ፣ ኣሕቢረ’ውን ሰላም ይብል ንስእሊ ወድኺ፣ ኣኽሊል ሽመቱ ንጴጥሮስ ኢኺ ማርያም ካብ መከራ እተጽልሊ፣ ንተኣምርኪ ዝገልጽ መዝሙር ምስ ኣቕረብኩ፣ ንዓይ ንባርያኺ ብይቅሬታኺ ከልልኒ።

❖ ሰላም ለሥዕልኪ መዓዛ ቅዳሴ ዘቦቱ፡ ወለሥዕለ ወልድኪ ሰላም ዘያስተፈሥሕ ሥነ ርእየቱ፡ ለሐዋርያ እንድርያስ ቀዳማዊ ማርያም ሃይማኖቱ፡ ገደፍኩ ሕይወትየ ቅድመ ተአምርኪ ዝንቱ ዓለሙኒ ኃላፊ ፍትወቱኒ ኃላፊ እስመ ኵሉ ኃላፊ ውእቱ።

ሰላም ነቲ ከም ቅድሴ ዝጣዕሙ ስእልኻን ነቲ ትርኢቱ ዘሐጉስ ስእሊ ወድኻን፣ ንቀዳማይ ሐዋርያ እንድርያስ ማርያም እምነቱ፣ ሕይወተይ ኣብ ቅድሚ ተኣምርኪ የማዕቁብ፣ ዓለምን ፍትወታን ሓላፊ እዩ ኵሉ ድማ ሓላፊ እዩ።

❖ ሰላም ለሥዕልኪ ዘክንፈ መላእክት ምጽላሉ፡ ወጸዳለ ክርስቶስ ሥነ ጸዳሉ፡ እመ ያዕቆብ በጸጋ ማርያም ንግሥተ ኵሉ፡ ናሁ ኣግብርትኪ በቃለ ማኅሌት ይብሉ፡ ስብሐት ወክብር ወሰጊድ ለመንግስቲ ይደሉ።

ሰላም ነቲ ከም ክንፊ መላእክት ዘጽልል ስእልኺን ከም ጽላል ክርስቶስ ዝኾነ ጽላሉን፣ ኣደ ያዕቆብ ብጸጋ ማርያም ንግሥቲ ኵሉ፣ እነዉ ኣገልገልትኺ ኣብ ማህሌቶም ይብሉ ምስጋናን ክብርን ስግደትን ንንግስነትኪ ይግባእ።

❖ ሰላም ለሥዕልኪ ወለሥዕለ ወልድኪ ዘሰዓሞ፡ ዮሐንስ ርጌ ዮሐንስ ቀናንሞ፡ ለዝ ወልድኪ መሐሪ ጎሩመ በቀል ወተቀይሞ፡ ማርያም ሀብኒ በእዴኪ እንዘ ትጼውዒ ስሞ፡ ሥጋሁ ቅዱስ ወክቡረ ደሞ።

ሰላም ንስእልኽን ስእሊ ወድኽን ዮሐንስ ዝሰዓሞ፣ ዮሐንስ ቅንዑ ዮሐንስ ርሕሩሕ ፣ ንቂም በቀል ዘይፈቱ መሐሪ ወድኺ፣ ማርያም ስሙ ክትጽውዒ ከለኺ ቅዱስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን ብኢድኪ ሃብኒ።

❖ ሰላም ለሥዕልኪ ወለሥዕለ ወልድኪ በመትሎ፡ እንተ ነገደ ወሐረ መንገለ አቃርዮስ ሀሎ፡ ኅበ ዝ ወልድኪ መሐሪ ናትናኤል ዘይትዌከሉ፡ ከመ የሀበኒ ጽድቆ ወይጸግወኒ ሣህሉ፡ ድንግል በእንቲአየ አብዝኂ ተንብሎ።

ሰላም ንስእልኺ ደጊመ'ውን ንስእሊ ወድኺ፣ ናብቲ አቃርዮስ ዘለዎ መንገዲ ዝኸደን ዝገሸን ፣ ናትናኤል ንዝተወከሉ መሐሪ ወድኺ፣ ጽድቁን ምሕረቱን ክህበኒ ድንግል ስለይ አብዚሕኪ ለምኒ።

❖ ሰላም ለሥዕልኪ ሐፊ ማሕየዊ፡ በጼዴንያ ወግብጽ ዘአውጋዘት በኢሕሳዌ፡ ለመጸበሐዌ ማቴዎስ ማርያም እንተ ረሰይኪዮ ወንጌላዌ፡ ይኩነኒ ዘልፊ ጸሎትኪ እምዘመነ ኵሉ ምንሳዌ፡ ዐቃቤ ዘመዓልት ወዘሌሊት ሐላዌ።

ሰላም ነታ ኣብ ጼደንያን ግብጽን ብዘይ ሓሶት ብብዝሒ መሕወይት ዝኾነት ሰእልኺ፣ ነቲ ቀራጺ ማቴዎስ ማርያም ወንጌላዊ ከም ዝኾነ፣ ጸሎትኪ ካብ ኵሉ እዋን መከራ ብመዓልትን ለይትን ሓላዊ ይኹነኒ።

❖ ሰላም ለሥዕልኪ ሶበ ጸለየት ማርታ፡ ዘአጽነነት ርእሳ ከመ ትትመጠው ስእለታ፡ ምክሐ ታዴዎስ አንቲ ማርያም ወሞገስ ቶማስ ስሙየ መንታ፡ አመ ኢታድኅን እም ወለታ፡ ወአመ ታግብእ ምድር ማኅጸንታ፡ ይኩነኒ ጸሎትኪ ሐገፋ ወወልታ።

ሰላም ንስእልኺ ከምቲ ማርታ ርእሳ ኣድኒና ልማኖኣ ክትቅበል ዝጸለየት፣ ትምክሕቲ ታዴዎስ ክብሪ እቲ ማንታ ዝተሰምየ ቶማስ ዝኾንኪ ማርያም ከምቲ ኣደ ንጓላ ምድሪ'ውን ንማሕጸን ጸሎትኪ ይኩነኒ ዋልታን ድርዕን።

❖ ሰጊድ ወአምኃ ይደሉ ለሥዕልኪ፡ ወለሥዕለ ክርስቶስ ወልድኪ፡ ወይነ በርተሎሜዎስ አንቲ ማርያም ዘያስተፈሥሕ ጣዕመ ፍቅርኪ፡ አንብርኒ ከመ ጎልቀት በውሣጤ ርጎሩጎ ልብኪ፡ ወከመ ማዕተብ ጹርኒ በመዝራዕትኪ።

ስግደትን ገጸ በረኸትን ይግባእ ንስእልኸን ስእሊ ክርስቶስ ወድኸን፣ወይኒ በርተሎሜዎስ ጣዕማ ፍቅርኺ ዘሐጉስ ማርያም፣ አብ ውሻጠ ርሕሩሕ ከርስኺ አንብርኒ ከም ማዕተብ’ውን አብ ክሳድኪ ጽርኒ።

❖ ሰላም ለሥዕልኪ ዘመዓድም ብርሃኑ፡ ወፍትው ሞገሰ ሥኑ፡ ሃይማኖተ ፊሊጶስ አንቲ ማርያም ከመ ጳውሎስ ይዜኑ፡ ሕማምኑ ጻዕርኑ መጥባሕትኑ አጎድጎ ፍቅርኪ ማርያም ዘይክለኒ መኑ።

ሰላም ነቲ ድሙቅ ዝብርሃኑ ፍቱው ክብሪ ጽባቀ ዝኾነ ሰእልኺ፣ ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ ናይ ፊሊጶስ እምነቱ ኢኺ ማርያም ስለዚ ሕማም ኮነ ጻዕሪ መከራ ካብ ፍቅርኺ ዝፈልየኒ መን እዩ፡

❖ ሰላም ለሥዕልኪ ቦ ጊዜ ዘትናገር ወቦ ጊዜ ዘትክዑ ደመ ተአምር፡ ማርያም ስብሕት ወውድስት እመ እግዚአብሔር ለማትያስ ሙቁሕ ወለያዕቆብ ውጉር፡ አንቲ ሞገሶሙ በሰማይ ወምድር።

ሰላም ነታ እትዛረብን ደም ተኣምር እትዛርን ስእሊኺ፣ ምስግንትን ክብርትን ኣደ እግዚአብሔር ማርያም ኣብ ሰማይን ምድርን ክብሪ ናይ ዝተኣሰረ ማትያስን ዝተገርፈ ያዕቆብን ኢኺ።

❖ በኤርትራ(በኢትዮጲያ) ወግብጽ ወሶርያ በአንጾኪያ ወሮም፡ ለሥዕላትኪ ዘሀለዋ ማርያም ሰላም፡ ምስለ ኤጲስ ቆጶስ ያዕቆብ ዘኢየሩሳሌም፡ ይምጽኡ ኀቤነ እምኀቤኪ ለባርኮትነ ዮም፡ ማርቆስ ዘአንበሳ ወሉቃስ ዘላሕም።

አብ ኤርትራን ኢትዮጵያን አብ ግብጺን ሶርያን አብ አንጾኪያን ሮማን ዘሎ ስእልኺ ማርያም ሰላም፣ ምስ ያዕቆብ ኤጲስ ቆጶስ ናይ ኢየሩሳሌም ሓቢሮም ይምጽኡ ምሳኺ ማርቆስ እቲ አንበሳን ላሕሚ ሉቃስን።

❖ ሰላም ለሥዕልኪ እንተ ሠዐላ በእዱ፡ ሉቃስ ጠቢብ እምወንጌላውያን አሐዱ፡ አመ ተቀብዑ ማርያም እምሐፈ ፍቅርኪ ቅብዐ ናርዱ በሕማም እኩይ እለ ደውዩ ወውጎዱ፡ ጽዑራነ ምድር ጥዕዩ ወጥቀ ፈድፈዱ።

ሰላም ነታ ካብ ወንጌላዊያን ሓደ ጥበበኛ ሉቃስ ብኢዱ ዝሰኣላ ስእልኺ፣ ካብ ብዝሒ ፍቅርኺ ቅብኢ ናርዶስ ዝተለኽየ ማርያም ብእኪይ ሕማም ምስ ወሓዱን ቆሰሉን፣ መከረኛታት ምድሪ ጥዕዮምን ኣዝዮም ተደሲዶምን እዮም።

❖ ሰላም ለሥዕልኪ ወለሥዕለ ወልድኪ አልፋ፡ ማርያም ዘኮንኪ ለኃጥአን ምድር ተስፋ፡ እመቦ እምሰብእ ዘይሜንና ወዘይገድፋ፡ ለተአምርኪ ባቍዕ እንተ ደቅስዮስ ጸሐፋ፡ ውጉዘ ይኩን በቃሎሙ ለሳውል ወኬፋ።

ሰላም ንስእልኺን ንስእሊ አልፋ ወድኽን ማርያም ተስፋ ናይ ምድሪ ሓጥኣን፣ ኣየናይ ሰብ’ዩም ነቲ ድቅስዮስ ዝጸሓፎ ተኣምርኪ ዝገድፍን ዝምንን፣ ተዘይ ኮይኑ ብቃል ሳውን ኬፋን ውጉዝ ይኹን

❖ ተማጎጸንኩ እግዝእትየ ማርያም በመልክዐ ሥዕልኪ ዛቲ፡ እንዘ እሰግድ ቅድሜሃ ወእትጋነይ ላቲ፡ ማርያም ድንግል ማርያም ወለተ ማቲ፡ ቤዛ ቤዛ ቤዛ ነፍሰ ኩሉ መዋቲ፡ በሰማይኒ ወበምድር አንቲ።

በዛ መልክዕ ስእልሺ እምሕጸን ኣለኹ ኣደይ ማርያም፣እነኹ ኣብ ቅድሜኣ እሰግድን አመስግንን፣ ማርያም ድንግል ማርያም ጓል ማቲ፣ ንሰኺ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ በጃ በጃ በጃ ኩሉ መዋቲ ኢኺ።

❖ ሰላም ሰላም ለመልክዐ ሥዕልኪ ኵሉ፡ እምነ ጸሐይ ወወርኀ
ዘያበርህ ሥነ ጸዳሉ፡ ወበእንተዝ ማርያም ሰብአ ቤትኪ ይብሉ፡
ስብሐት ወክብር ለተአምርኪ ይድሉ፡ ማርያም በረከትኪ ምስሌነ
የሃሉ።

ሰላም ሰላም ነቲ ከም ጸሓይን ወርሕን ዘብርህ ጽባቐ ጽላል ዘለዎ
ኵሉ መልክዕ ስእልኺ፣ እቶም ሰብ ቤትኪ ድማ ካብዚ ምስጋናን
ክብርን ንተኣምርኪ ይግባእ እናበሉ ማርያም በረኸትኪ ምሳና ይሃሉ
በሉ።

❖እሰግድ ቅድመ ማርያም ለዝክረ ስምኪ በጽዋዔ፡ ወእሰግድ ካዕበ ለድንግልናኪ ክልኤ፡ ወእሰግድ ሥልሰ ለሥዕልኪ ቅድመ ጉባኤ፡ ዘኢሰገደ ለሥዕልኪ አሥሪዖ ምማዔ፡ በሥጋሁ ወበንፍሱ ኢይርከብ ትንሣኤ።

ስምኪ እናጸዋዕኩ አብ ቅድሜኪ ማርያም እሰግድ፣ ደጊመ ንድንግልናኪ እሰግድ ሳልሳይ ድማ አብ ቅድሚ ጉባኤ ንስእልኺ እሰግድ፣ ንስእለኺ ብሓቂ ፈትዩ ዘይሰገደ ብሥጋኡን ብነፍሱን ትንሣኤ ኣይርከብ።

❖ ናሁ አግብርትኪ በቃለ ማኅሌት ይብሉ፡ እሉ መነኑ ዓለመ ወእለ አድባራተ ዔሉ፡ ስብሐት ወክብር ወሰጊድ ለመንግሥትኪ ይደሉ፡ እስመ ንጹሕ አባልኪ ለእግዚአብሔር አባሉ፡ ማርያም በረከትኪ ምስሌነ የሃሉ።

እነዉ አፍቀርትኪ ብቃል ማኅሌት ፣ ነዛ ዓለም ዝመነኑ ናብ አድባራት'ውን ዝኾዱ ምስጋናን ክብርን ስግደትን ንመንግስት'ኺ ይግባእ ይብሉ፣ ነቲ ንጹሕ አባልኪ አባል እግዚአብሔር ማርያም በረ'ኽትኪ ምስኡ ትሃሉ።

